KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# መጻምድቲን ውላድን

መጻምድቲ

መሰልን ግዴታን ወለዲ

ወለዲ ምኳን

ምእላይ/ምምራሕ ቆልዑት

ኣባላት ስድራቤት ናብ ስዊስ ምምጻእ

ግጭት / ዘይምርድዳእ

# መጻምድቲ

ኣብ ስዊስ ዝተፈላለየ ዓይነት ናይ ብሓባር ከም መጻምድቲ ኮንካ ምንባር ቅቡል እዩ። ንክትምርዓው: ብውሕዱ 18 ዓመት ክመልእ ኣሎካ። እቶም መጻምድቲ ክልቲኦም: ሓደ ዓይነት መሰልን ግቡእን ኣለዎም።

## ብሓባር / ብሓንሳብ ምንባር

ናይ ብሓንሳብ ከም መጻምድቲ ኮንካ ምንባር መልክዕ ኣብ ስዊስ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት ብዙሕ ተቐይሩ። ከም ዝውቱር ክልተ ዘይተመርዓዉ መጻምድቲ: (ብሓንሳብ ዝነብሩ መጻምድቲ: Konkubinat) ኮይኖም ምስ ናይ ሓባር ደቆም ብሓንስብ ክነሩ ልሙድ እዩ። ሓደ ፍሉጥ ዝኾነ ናይ ሓላፍነት ምክፍፋል ኣብ መንጎ ኣቦ ወይ ኣደ የለን። ሓደ ዓይነት ሕጋዊ መሰልን ግቡእን ዘሰክም ሕጋዊ ዝኾነ ብሕጊ ተፈላጥነት ዘለዎን ቅቡልን እዩ።

## መርዓ / ናይ ውዕል መጻምድቲ

ኣብ ስዊስ ሓደ ሰብ ክምርዖ እንተኮይኑ: 18 ዓመት ክመልእ ኣለዎ። ክምርዖ ዝደሊ ሰብ ኣብ ዝነብረሉ ናይ ዞባ ምምሕዳር ከባቢ ቤት ጽሕፈት ናይ ሲቪልስታንድ (Regionales Zivilstandsamt) ከመልክት ኣለዎ። እዚ ሲቪልስታንድ ናብ ናይ መጻምድቲ መቀራረቢን መሰናድኢን መስርሕ ትካል የማሓላልፎ። ኣብዚ ከኣ ናይቶም መጻምድቲ ሓላፍነት ብንጹር ይግለጽ።ድሕሪ ምርግጋጽ ነዚ ናይ ምቅርራብ ግዜ: እቲ መርዓ ኣብ ውሽጢ 3 ወርሒ ይፍጸም። እቲ ናይ ሲቪልስታንድ በዓል ስልጣን ንመርዓ ዘድሊኩሉ ሰነዳትን: ምቅርራባትን የረጋግጽን ይሕብርን። ሓደ ካብቶም መጻምድቲ ኣብ ወጻኢ ወይ ካብ ስዊስ ወጻኢ ዝነብር እንተኮይኑ: ናብ ስዊስ ንክመጽእ መእተዊ ቪዛ ንምቅርራብ መርዓ ይሕተተሉ። ሓደ ዓይነት ጾታ ዘለዎም መጻምድቲ ውን ልክዕ ከም ካልእ ሕጹያት መሰልን ግቡእን ሒዞም ይምርዓዉ።

## መሰልን ግቡእን

መጻምድቲ ሰብ ሓዳር ብሕጊ መሰረት ሓደ ዓይነት መሰልን ግቡእን ንክልቲኦም ብማዕረ ዝርኢ ቀያዲ ሕጊ ኣለዎም። ክልቲኦም መጻምድቲ ብነጻ ድልየት ክምርዓዉ ኣለዎም። ናይዚ ተምክሮ ዘለዎም ሰበ-ስልጣን: ዝኾነ ንመርዓ ተገዲዱ (Zwangsheirat) ዝገብር: ድሕሪ መርዓ ነቲ ውዕል ከፍርስዎ ወይ ዘይቅቡል ክገብርዎ ይኽእሉ። ንገለ ወገን: ነቲ ናይ ምግዳድ መርዓ ዝፈጸሙ ከኣ ክቐጽዕዎም ይኽእሉ። ተገዲዱ ንመርዓ ዝእተወ ኮይኑ ዝተሰምዖ ሰብ: ሓገዝ ክሓትት ይግብኦ። ነዚ ዝምከት ሓገት ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ፍሉይ ቁጽሪ ተለፎን: (062 835 47 90) ኣሎ።

## ውጥን ስድራቤት

ንውጥን ስድራ-ቤት: ጥንሲን ጾታዊ ርክብን ዝምልከት ምኽርን ሓበሬታን: ኣብ ካንቶን ኣርጋው ፍሉይ ናይ ኣማኸርቲ ማእከል: ኣብ ኣራው ወይ ኣብ ብሩግ ምውካስ ይከኣል። እዘን ትካላት: ብእምነትን: ምስጢር ብምዕቓብን: ንክንክን ቆልዑትን :ጾታዊ ጸገማት: ዘይተደልየ ጥንሲ (ungewollte Schwangerschaften) : ወይ ናይ ብልዕቲን ኣካላት ጾታዊ ርክብ ሕማማት ዝምልከት ብነጻ የማኽሩ። እዞም ትካላት ንጀመርቲ( ዕሰላት) ወለዲ ወይ ሕጻናት ዘለዎም ሰባት የማኽሩ።

## ፍትሕ/ ምፍልላይ

ምፍታሕ ክልተ መጻምድቲ: ብክልቲኦም ወይ ብሓደ ወገን ክጥለብ ይከኣል። ነዚ ዝምልከት ሓላፍነት ዝወስድ: ናይ ስድራ-ቤት ተጣባቒ (Familiengericht) ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተፈጸመ ሓዳር እውን ብመሰረት ሕጊ ስዊዘርላንድ ክፋታሕ ይኽእል እዩ። ነዚ ንምግባር ሓደ ሰብ ኣብ ስዊዘርላንድ ማእከል ህይወት ክህልዎን እንተ ወሓደ ንሓደ ዓመት ኣብዚ ክነብርን ኣለዎ። ፍትሕ ኣብ መንበሪ ፍቓድ ወይ ኣብ ቀጻሊ መስርሕ ዜጋ ምዃን ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ፍትሕ ወጻእተኛታት ኣብ ስዊዘርላንድ ክጸንሑ ዝኽእሉ እንተ ኮይኖም ወይ እንተ ዘይኮይኖም ኣብ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ይምርኮስ። ንግዳያት ዘቤታዊ ዓመጽ ዝኹኑ ፍሉይ ሕግታት ይወጽኣሎም እዩ። ብዛዕባ ፍትሕ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስ ማእከል ምኽሪ ሓዳርን ስድራ ቤትን ወይ ምስ ማእከል ኣማኸርቲ ሕጊ ኽትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/partnership-and-children/partnership

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# መሰልን ግዴታን ወለዲ

ሓደ ሕጻን ዝወለደ ሰብ: ብቑልጡፍ ነቲ ሕጻን ኣብ ናይ ህዝቢ መዝገብ/ ሲቪልስታንድ/ ከመዝግቦ ይግባእ።ኣብ ዝተመርዓዉ ወለዲ: ውሉድ ኣብ ምኽንኻን ዝምልከት ሓላፍነት ናይ ክልቲኦም ብቀጥታ ይምዝገብ: ኣብ ብሕጊ ዘይተመርዓዉ ግን: ነዚ ዝምልከት እቶም ወለዲ ባዕላቶም ከነጽርዎ ይግባእ።

## መሰልን ግዴታን ወለዲ

ሓደ ሕጻን ዝወለደ ሰብ: ብቑልጡፍ ነቲ ሕጻን ኣብ ናይ ህዝቢ መዝገብ/ ሲቪልስታንድ/ ከመዝግቦ ይግባእ።ኣብ ዝተመርዓዉ ወለዲ: ውሉድ ኣብ ምኽንኻን ዝምልከት ሓላፍነት ናይ ክልቲኦም ብቀጥታ ይምዝገብ: ኣብ ብሕጊ ዘይተመርዓዉ ግን: ነዚ ዝምልከት እቶም ወለዲ ባዕላቶም ከነጽርዎ ይግባእ።

## ናይ ኣቦነት ተፈላጥነት

ብሕጊ ዝተመርዓዉ ሰባት ምስዝወልዱ: እቲ በዓል ቤት ሰብኣይ ብቀጥታ: ከም ኣቦ ይፍለጥ። እቲ ኣቦ ኣብዚጉዳይ ምስዘይ ኣምነሉን ምስዝጠራጠርን: እቲ ኣቦነት ብሕጊ ንክነጸግ ክጠርዕ ይክእል።እቶም ወለዲ ዘይተመርዓዉ ምስዝኾኑ ግን: እቲ ኣቦ ብቐጥታ ከም ኣቦ ኣይምዝገብን ኢዩ። ኣብዚ እቲ ኣቦ: ኣብ ምምሕዳር ከባቢኡ ሓላፍነት ናይ ህዝቢ መዝገብ ዝኾነ ትካል: ቅድሚ ሕጻን ምውላዱ ወይ ድሕሪ ምውላዱ: ከም ኣቦ ተፈላጥነቱ ክምዝገብ ይክእል። እቲ ኣቦ ነቲ ውላድ ካም ኣቦ ተፈላጥነት ክወስድ ዘይቅበሎ እንተኮይኑ ግን: እታ ኣደ ኣብ ቤት-ፍርዲ ቀሪባ ኣቦነት ከትፍልጥ ትኽእል ኢያ።

## ናይ ወለዲ ምእላይ / ምኽንኻን ሓላፍነት

ወለዲ ናይ ውላዶም ድሕነትን: ጽቡቕ መዕበያን: ሓልዮትን ኣተኣላልያን መዕበያ (elterliche Sorge) ዝምልከት ምሉእ መሰልን ግቡእን ኣለዎም። ነዚ ዝምልከት: ንኣብነት: ኣተዓባብያ: ወይ ገንዘባዊ ሓገዝ:ኩሉ መነባብሮን እዮም። ወለዲ ንውሉዶም ኣብ ኩሉ ሕጋዊ መዳያት ክሳብ ደቂ 18 ዝኾኑ ይውክልዎም ወይ ሓላፍነት ይወስድሎም። ወለዲ ብሕጊ ዝተመርዓዉ እንተኮይኖም: ብቀጥታ መሰልን ግቡእን ንውላዶም ዝምልከት ይህልዎም። ዘይተመርዓዉ እንተኮይኖም ግን: እቲ ኣቦ ነቲ ውላድ: ከም ኣቦ ተፈልጥነት ክወስድ: ክገብር ኣለዎ። ድሕሪዚ ወለዲ ብነጻ ድልየቶም: ናይ ሓብር ናይ ውላድ ምሕላይን ምኽንኻንን ብጽሑፋዊ መብርሂ ዝተሰነየ (gemeinsame elterliche Sorge) የቕርቡ። ነዚ ኣብ ናይ ህዝቢ መዝገብ: ኣብ ንውላድ ተፈላጥነት ዝወሃበሉ ግዜ: ኣብ ዞባዊ ናይ ህዝቢ መዝገብ ማእከል: ወይ ከኣ ጸኒሖም: ኣብ ናይ ዞባ ናይ ህዝቢ መዝገብ ማእከል: ኣብ ናይ ሕጻናትን ቆልዑትን ተጣበቕቲ መሰል ሰበ-ስልጣን (Kindesschutzbehörde, KESB) ኣብ ናይ ስድራቤት ቤትፍርዲ ኣብ ናይ ወረዳ ቤት ጽሕፈት: ይፍጸም። ኣብዚ እቶም ዘይተመርዓዉ ወለዲ ኣብ መዕበያን ምኽንኻንን ውላድ: ዘይምርድዳእ ምስዝህልዎም: እቲ ተጣባቒ መሰል ሕጻናትን ቆልዑትን ይውስን። ነዚ ዝምልከት ሕቶ ዘለዎ ወይ ሓገዝ ዝደሊ: ኣብ ዝምልከቶም ናይ ምኽሪ ትካላት ማእከል ክውከስ ይከኣል።

## መነባብሮ

ክልተ ወለዲ እንተተፈላልዮም: ነቲ ውሉድ ክከናኸንዎ: ክልቲኦም ይግደዱ: ነቲ ውሉድ ብዛዕባ መነባብሮኡ (መነባብሮኡ: Unterhalt) ክሓስቡን ክሰርሑን ይግደዱ።ነቲ ቆልዓ ዘድሊ ገንዘባዊ ጠለባትን ኣተኣላልያኡን: ክልተ ወለዲ ክምድብዎ ኣለዎም። መነባብሮ ናይቲ ውላድ: ኣደን ኣቦን ይከፋፈልዎ። ክንደይን ብከመይን ነዚ ይከፋፈልዎ ንዝብል ሕቶ: ኣብ ቁጠባዊ ኩነታት ናይ ነብሲ ወከፎምን: ኣብ ምእላይ እቲ ውላድ ዘለዎም ተራን ይምርኮስ። ኣብዚ ጉዳይ ኣብ ምርድዳእ እንተዘይተበጽሐ: ቤት ፍርዲ ይውስን። ዝተወሰነሉ ክፍሊት ዘይሽፍን ወገን ከኣ: ካብ ምምሕዳር ከባቢ: ሓገዝ ይሓትት። ኣብዚ ዘድሊ ሓገዝ ይግበር: ወይ ነቲ ሓገዝ ከም ኩነታት እቲ ሓታቲ ይነጽጎ። (Alimentenbevorschussung)

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/partnership-and-children/parents-rights-and-duties

# ወለዲ ምኳን

ሓደ ቆልዓ ምዕባይ ብዙሕ ሓላፍነትን ጠለባትን ይሓትት። ብዙሓት ወለዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ንውላዶ እቲ ዝበለጸ እንታይ: ኢዩ ኢሎም ይሓቱ። ምስ ካልኦት ወለዲ ምትሕታት ጽቡቕ ውጽኢት ክርከቦ ይከኣል። ብዘይካዚ ብዙሓት ናይ ምኽሪ ትካላት ኣለዋ።

## መራኸቢ ቦታታት

ንኣቦታትን ኣዴታትን ምስ ካልኦት ወለዲ ተመክሮን ሓበሬታን ዝለዋወጥሉን: ደቆም ሒዞም ዘጻውትሉን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዝግበሮ ኣቕርቦት ኣሎ። ገለ ኣቕርቦታት ብፍሉይ ንስዊስን ወጻእተኛታት ወለዲን ዝምድና ንክገብሩ ተባሂሉ ዝተዳለወ ኢዩ።

- ንጠበውቲን ፍሑኽ ዝብሉ ክሳብ 2 ዓመት ዝዕድሜኦም ሕጻናት ኣብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት ጋንታ ተንፍሓኽቲ (Krabbelgruppen) ዝበሃል ኣሎዉ።ኣብዚ ወለዲ ነንሕድሕዶም ይላለዩ።
- ወለዲን ሕጻናትን ናይ ገዛ ምንቅስቓስ ስፖርት (MuKi-/VaKi-/ElKi-Turnen) ዝገብርሉን ዝዘናግዕሉን ኣገልግሎት ይህብ።
- ኣብ ናይ ወለዲ ማእከል (Familienzentrum) ዝተፈላለየ ምርኢትን ኣኼባታትን ናይ ወለዲን ቆልዑትን ይግበር።
- ቤተ መጻሕፍቲ ንወለዲን ቆልዑትን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ይገብሩ።

ኣብ ትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ ድኩም ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ነዚ ዝምልከት ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ምውካስ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።

## ስልጠና ንወለዲ

ኣብ ካንቶን ኣርጋው ወለዲ: ንዝተፈላለዩ ዛዕባታት ዝምልከት ስልጠናታት ይሳተፉ።ኣብዚ ብፍላይ ንናይ ወጻእተኛትት ጠለባት ዝምልከቱ ስልጠናታት ይወሃቡ። ከም ኣብነት ዝጥቀስ: ብዛዕባ ናይ ስዊስ ናይ ትምህርቲ ሜላ/ኣገባብ ኢዩ። ገለ ስልጠናታት ብናይ ደገ ቛንቋ ይወሃቡ። ብዛዕባዚኦም ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ምስልጣን ወለዲ ኣርጋው "Elternbildung Aargau" ካብ ቤት ትምህርቲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

## ናይ መዕበያ ኣማኸርቲ

ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዑት ብዙሕ ክፈልጥን : ሓበሬታ ክረክብ ዝደልን: ዝተፈላለያ ናይ ምኽሪ ትካላት ክውከስ ይከኣል። ኣብ ኩሉ ዞባታት: ናይ ወለዲ ኣማኸርቲ ትካላት ኣለዋ። ብተወሳኺ ናይ ኣባታዊን እናታዊን ኣማኸርቲ (Mütter- und Väterberatung) ኣብ ዝተፈላለዩ ምምሕዳር ከባቢታት: ብዞኣዕባ ኣተዓባብያ ውላድን: ናይ ኣጠባብዋ ሜላን ሓበሬታ ይህባ። ኣብ ናይ ወልዲ ህጹጽ ረድኤት ዝድለየሉ ንወለዲ : ክኢላታት እዚ ዓውዲ ብተለፎን ወይ ኢ-መይል (ተልፎን 0848 35 45 55 (ንቡር ታርፍ ዝኽፈሎ) www.elternnotruf.ch) ምውካስ ይከኣል።

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

**ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)**

dev.hallo-aargau.ch/ti/partnership-and-children/being-a-parent

# ምእላይ/ምምራሕ ቆልዑት

ብዙሓት ኣቦታትን ኣዴታትን ድሕሪ ሕጻን ምውላዶም ብቕጥታ ናብ ስራሕ ይኸዱ። ምእንቲዚ ኣብ ካንቶን ኣርጋው ብዙሕ ቀረባት ንክንክን ቆልዑት ዝምልከት ኣሎ። መብዛሕትኡዚ ቀረባት ክፍሊት ዝሓትትዩ።

## መውዓሊ ቆልዑት

ኣብ መውዓሊ ቆልዑ (Kinderkrippen): ቆልዑት ምሉእ መዓልቲ:ብኣለይቲ ይእለዩን ይሕለዉን። ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት: ቆልዑት ካብ ናይ 3. ወርሒ ዕድሜኦም ክሳብ ናይ ትምህርቲ ዕድመ ዝኣኽሉ: ኣብ ይእለዩ። ገለ መውዕሊ ሕጻናት: ናይ ትምህርቲ ዕድመ ዝበጽሑ ቆልዑትውን( ቅድሚን ድሕሪን ትምህርቲን: ኣብ ግዜ ምሳሕን) ይኣሊን ይሕዝን ኢዩ።ኣብ ናይ ምምዝጋብ ሊስታ ዝእትዉ ሕጻናት ኣዝዮም ብዙሓት ስለዝኾኑ: ወለዲ ንውሉዶም: ኣቐዲሞም ከመዝግብዎም ይግባእ። ነዚ ዝምልከት ክፍሊት: ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ: ገለ ክፋሉውን ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ይሽፍኖ። እዘን መውዓሊ ቆልዑትን ናይ ምምሕዳር ከባቢ ቤት-ጽሕፈትን: ነዚ ዝምልከት: ሓበሬታን ምምዝጋብን ይሕብር።

## መውዓሊ / መጻወቲ ቆልዑት

ብዙሓት ቆልዑት ቅድሚ ናብ ትምህርቲ ምእታዎም: ናብ ሓደ ናይ ጾወታ ጋንታ (Spielgruppe) ይኣትዉ። ኣብዚ ሕጻናት ልዕሊ 3 ዓመት ዕድሜኦም ብዘይ ወለዲ ነንሕድሕዶም ንክላለዩን ክጻወቱን ይራኸቡ። ናብዚ መውዓሊ ምኻድ ብነጻ ድልየት ዝግበር ኮይኑ: ብምርጫኻ ዝግበር ኢዩ።እዚ ነቶም ቛንቛ ጀርመን ዘይዛረቡ ቆልዑት: ኣቀዲሞም ንክለማመዱ እዚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኢዩ። እዚ ከኣ ናብ ትምህርቲ ንክኣትዉ መዳለዊ ይኾኖም።. ነዚ ዝምልከት ክፍሊት: ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ: ገለ ክፋሉውን ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ይሽፍኖ። እዘን መውዓሊ ቆልዑትን ናይ ምምሕዳር ከባቢ ቤት-ጽሕፈትን: ነዚ ዝምልከት: ሓበሬታን ምምዝጋብን ይሕብር።

## መዓልታዊ ስሩዕ መደብ / ቅርጺ

ብከፊል: ገለ ቤት-ትምህርታት: ንቆልዑት ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ይእልያን ይከናኸናን።ኣብ መዓልታዊ ቅርጺ (Tagesstruktur) ዘለውን ቤት-ትምህርታት: ቆልዑት ተመሃሮ ኣብ ግዜ ምሳሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብምጽናሕ: ምስሖም ኣብኡ ክበልዑ ይከኣል።ድሕሪዚ ዕዮ-ገዛ እንተለዎም: ብሓገዝ ኣለይቲ: ክሰርሑ ይኽእሉ። ነዚ ዝምልከት ቀረባት ብወለዲ ይኽፈል። እዚ ክፍሊት: ኣብ ኩነታት ደሞዝ ወለዲ ይምርኮስ። ቆልዑት ኣብዚ: ሓደ ወይ ብዙሕ መዓልታት ክኸዱ ይኽእሉ። እዚ ናይ መዓልታዊ ቅርጺ ዘለዎ ኣገልግሎት ምስ ናይ መዓልቲ ትምህርቲ (Tageschulen) ሓደ ኣይኮነን: መዓልታዊ ትምህርቲ: 5 መዓልቲ ኣብ ሰሙን: ስሩዕ ፕሮግራም ትምህርቲ ክሳተፉ ኣለዎም።

## ናይ መዓልቲ ስድራ: ቆልዓ ዝሕዙ ስድራ

ናይ መዓልቲ ስድራ: ቆልዓ ዝሕዙ ስድራ (Tagesfamilien) ዝበሃሉ: ንቆልዑት ኣብ ዝተወሰነ ናይ መዓልቲ ሰዓታት (መብዛሕትኡ ግዜ : ምሉእ መዓልቲ) ምስኦም ዝሕዝዎም ኢዮም።እዚ ቆልዑት ዝእለይሉ ኣገባብ: ንኣብ ሞያዊ ስራሕ ዝተዋፈሩ ወለዲ ኢዩ። ንዚ ዝምልከት ዘከፋፍሉ ትካላት ኣብ ከባቢቲ ሞያዊያን ወለዲ ዝርከብዎ ቦታ ይርከቡ።እዘን ትካላት ምስ ኩነታት ቆልዑት ዝሰማምዑ ኣቕርቦት ይሕብሩን: ንመጠን ክፍሊት ዝምልከት: ሓበሬታን መለክዒታትን ይዝርግሑ።

## ኣላይት ሕጻን / ኣብ ኣድላዪ ግዜ

ኣብ ስዊስ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት: ኣብ ኣጋ ምሸትን: ኣብ ቀዳመ-ሰንበትን: ከም ተሓዝቲ/ኣለይቲ ቆልዑት ኮይኖም ይሰርሑ። ናይ ስዊስ ቀይሕ መስቀል (SRK) ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ከምዚኦም ዝኣመሰሉ:ሓደ ስልጠና ዝገበሩ: ተሓዝቲ/ኣለይቲ ቆልዑ:ስም ዝርዝር ይዝርግሕን ይሕብርን። ነዚ ኣገልግሎት ዝህቡ መንእሰያት ክፍሊት ምሃብ ልሙድ ኢዩ። ኣብ ዘይተሓሰበ ኣጋጣሚ: ወይ ሽግር: ናይ ስዊስ ቀይሕ መስቀል (SRK) ኣብ ካንቶን ኣርጋው ናይ ሓደጋ/ኣጋጣሚ ሽግር: ተባሂሉ: ቆልዑት ይኣሊ ኢዩ። ንእብነት: ሓደ ካብ ወለዲ ኣብ ሕክምና ምስዝእቱ: እሞ ነቲ ቆልዓ ዝኣሊ ዋላ ሓደ እንተዘየሎ: ኣብዚ ይእለ። ክፍሊት ናይዚ ዝምለከት ወለዲ ይኸፍልዎÖ ገለ ናይ ጥዕና ናይ ድሕነት ትካላት: ነዚ ወጻኢታት ዝሽፍና ኣለዋ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/partnership-and-children/childcare

# ኣባላት ስድራቤት ናብ ስዊስ ምምጻእ

ኣባላት ስድራ-ቤት ናይ ሓደ ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ: ከም ኩነታቶም ተራእዩ ናብ ስዊስ ክመጽኡ ይከኣል። ዘመድ ወይ መቕርብ ናብ ስዊስ መጺኡ ክበጽሓካ ምስዝደሊ: ከከም መበቖል ዓዶም ናይ መብጽሒ ቪዛ ክሕቱ ኣለዎም።

## ኣባላት ስድራቤት ናብ ስዊስ ምምጻእ

ብመሰረቱ ናይ ቀረባ መቕርብ ዝኾኑ ኣባላት ስድራቤት: ዘመድ ወይ መጻምድቲ: ናይቲ ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ መቕርብ ዝኾኑ: ናብ ስዊስ ንክመጽኡ መሰል ኣባል ስድራ-ቤት ምትእኽኻብ (ምትእኽኻብ ስድራቤት, Familiennachzug) ኣለዎም።ነዚኦም ኣባላት ናብ ስዊስ ንምምጽእ: ኣብ መበቖል ዓዲ ናይቲ ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ ይምርኾስ። ብግዝያዊነት ተቐባልነት ኣብ ስዊስ ምንባር ብናይ መንነት ኤፍ (Ausweis F) ዝነብሩ ሰባት ኣብ ፍሉይ ቅድመ-ኩነት ኣባላት ስድራ ከምጽኡ ይከኣል። በዓል ስልጣን ናይ ስደተኛታትን ምውህሃድን:ናይ ካንቶን (Amt für Migration und Integration) ነዚ ዝምልከት ውሳኔ የሕልፍን: ዘድሊ ናይ ሰነድ ምምላእን: ኣፈጻጽማ መስርሕ ናይቲ ጉዳይን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብን። ተጠንቀቕ: ስድራቤት ምምጻእ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ክፍጸም ይግባእ። እዚ ኣብ ንእሽቱ ቅልዑት ሓጺር ኮይኑ ኣብ ዓበይቲ ግን ብተዛማዲ ( ብፍላይ ኣብ መጻምድቲ) ንውሕ ዝበለ ዩ።

## ምድላው / ምቅርራብ ንመርዓ

ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብሞ: ካብ ደገ ክምርዖ/ክትምርዖ ምስዝድለ: ነቲ ኣብ ደገ ዘሎ መጻምድቲ: ንክምርዖ/ክትምርዖ: ናይ መመርዕዊ ፍቓድ ንምድላው መርዓ (Vorbereitung der Heirat) ተባሂሉ ፍቓድ ቪዛ ክሕተተሉ/ላ ይከኣል። እዚ ፍቓድ ነቲ ኣብ ደገ ዘሎ ሰብ ኣብ ስዊስ መጺኡ ንክምርዖ የኽቕል።በዓል ስልጣን ናይ ስደተኛታትን ምውህሃድን:ናይ ካንቶን (Amt für Migration und Integration) ነዚ ዝምልከት ውሳኔ የሕልፍን: ዘድሊ ናይ ሰነድ ምምላእን: ኣፈጻጽማ መስርሕ ናይቲ ጉዳይን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብን።

## ናብ ስዊስ መእተዊ / መምጽኢ ቪዛ

ንብዙሓት ዜጋታት ናይ ወጻኢ ሃገራት: ናብ ስዊስ ዘመድ ወይ ስድራቤት: ኣዕሩኽ ንምርኣይ ክመጽኡን መእተዊ ቪዛ ክረኽቡን ቀሊል ኣይኮነን። ነዚ ንምቅላል: እቲ ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ: ናይ ዕድመ ጽሑፍ ክገብረሎምን: ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝምልከት ውሕስነት: ከም መሰረታዊ ናይ ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ ውሕስነት መረዳእታ/መረጋገጺ (Verpflichtungserklärung) ክገብረሎም የድሊ።ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ወኪል ናይ ስዊስ ነዚ ዝምልከት ውሳኔ የሕልፍን: ዘድሊ ናይ ሰነድ ምምላእን: ኣፈጻጽማ መስርሕ ናይቲ ጉዳይን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብን። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ስደተኝታትን ምውህሃድን (Amt für Migration und Integration) ናይ ነብሲ ወከፍ ካንቶን ብዝርዝር ይርከብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/partnership-and-children/family-reunification

# ግጭት / ዘይምርድዳእ

ግጭት ወይ ዘይምርድዳእ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻመድቲ ወይ ስድራ-ቤት ምስዘጋጥም: ዝተፈላለዩ ናይ ምኽሪ ትካላት ይሕግዙ። ጎነጽ ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤት ወይ ኣብ መንጎ ተጻመድቲ: ብሕጊ ኩልኩል እዩ።

## ግጭት ኣብ መንጎ መጻምድቲ

ኣብ መንጎ ክልተ መጻምድቲ ወይ ስድራ-ቤት ግጭት ወይ ዘይምርድዳእ ምስዘጋጥም: እቶም መጻምድቲ ወይ ኣባላት ስድራ-ቤት: ናይ ክኢላታት ኣማኽርቲ ክይዶም ሓገዝ ክሓቱ (Eheberatung) ይኽእሉ እዮም። እዚ ፍሉይ ናይ ምኽሪ ትካል: ዘሎ ጸገምን ሽግርን ኣብ ምፍታሕ ይሕግዙ። ናይ መጀመርታ ምዝርራብ ነዚ ዝምልከት: ብነጻ ወይ ብሕሱር ዋጋ እዩ። ኣብ ኩሉ ዞባታት: ነዚ ዝምልከት ፍሉይ ናይ ምኽሪ ትካል ኣሎ።

## ግጭት ወይ ዘምርድዳእ ናይ ስድራ-ቤት

ኣብ ገለ ቆልዑት ዘለወን ስድራቢታት ግጭት ምስዘጋጥም: ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኩነታት ከጋጥም ይኽእል: ንወለድን ንቆልዑትን ከኣ ብዙሕ የሸግር።ኣብ ከምዚ ኩነታት: ወለዲ ናይ ግድን ሓገዝ ዝረኽብሉ መንገዲ ከናድዩ ይግባእ። ኣብ ናይ ወለዲ ወይ ስድራ ቤት ናይ ምኽሪ ትካላት (Familienberatungsstelle) : ብውልቂ ብምኻድ ምኽሪ ምሕታት ይከኣል። ኣብ ናይ ወለዲ ናይ ሓድጋ ተለፎን ምድዋል (Elternnotruf): ዘማኽሩ ሞያዊያን ክኢላታት: ብተለፎን ወይ ብመልእኽቲ: ናይ መዕበያ ቆልዑት ዝምልከት ሕቶታት: ዝምልከት ክንክንን: ንውላዶም ክገብርዎ ዝግባእ ነገራትን: ብቁጽሪ ተለፎን ( 0848 35 45 55) (ብነጻ: ብዘይ ገለ ክፍሊት) www.elternnotruf.ch)) ኩሉ ሓበሬታ ከርከብ ይከእል። ቆልዑትን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን: ብተለፎን: ኢ-መይል: SMS ወይ Chat ኣብ ናይ ቆልዑት ናይ ሓደጋ ምድዋል (Kindernotruf) ይውከሱ( ተለፎን:Telefon 147 (ብነጻ), www.147.ch) ምኽሪ ይረኽቡ።

## ጎነጽ ኣብ ገዛ

ኣብ ስድራ-ቤት: ጎነጽ ምፍጻም: ገበንን ተነቃፊ ግዳይን ከምዝኾነ: ብወግዒ ዝፍለጥ እዩ። ጎነጽ ዝፍጽም ሰብ: መጠን ናይቲ ጎነጽ ብዘየገድስ: ብሕጊ ይቕጻዕ። ኣብዚ ኩሉ ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ: ሰብእይ ወይ ውሉድ: እንተተፈጺሙ ኩሉ ከም ገበን ተራእዩ ኣብ ሕጊ ይቐርብ። ናይዚ ጉዳይ ሰበ-ስልጣን ብገዛእ-ርእሶም ኣብዚ ጉዳይ: ገለ ግጭት ወይ ጎነጽ ኣብ ስድራ-ቤት ምስዘጋጥም: ንጡፋት ክኾኑ ይግባእ። ንግዳይ ናይቲ ጎነጽ: ብነጻ ዝወሃብ ኣገልግሎት ምኽሪን: ብእምነት ዝተሓዝ: ምስጢር ናይ ስድራ: ብምዕቃብ: ዝተፈላለየ ሓገዝ ከምዝረክብ ይግበር። ኣብ ፍሉይ መንበሪ ገዛ ወይ መዕቆቢ ገዛ(ናይ ደቂ ተባዕትዮ ወይ ደቀንስትዮ) (Frauenhaus / Väterhaus) ደቀንስትዮ ወይ ደቂተባዕትዮ ምስ ደቆም:ንግዜኡ ክዕቆቡን: ክነብሩን ይከእል። ኣብ ናይ ደቀንስትዮ መዕቆቢ ገዛ: ናይ ጎነጽ ግዳያት ዝኾና ደቀንስትዮ 24 ሰዓት ብነጻ ብቁጽሪ ተለፎን: 062 823 86 00 ክድውላ ይከኣል። ቆልዑትን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን: ብናይ ቆልዑት ናይ ሓደጋ መድዋሊ:(Kindernotruf) ክውከሱ (ተለፎን 147 (ብነጻ), www.147.ch) ይከኣል። ለ ካብ ኣባል ናይ ስድራ-ት ምፍርራሕ ዘጋጠሞ: ብተፎን 117 ናብ ፖሊስ ክድውል ይኽእል። እዚ ነቲ ገበን ምፍርራሕ ዝገበረ ወይ ዝፈጸመ ብ: ካብ ገዛ ንነዊሕ ገዛ ከምዝወጽእ: ይግበር።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/partnership-and-children/conflicts